ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላላንድ ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
De/Selam MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

20 ሰነ 2012 ዓ.ም.ግ.
27 ሰነ 2020
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-238-2

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላኽ ኣሜን።

**ጉዳይ፣** ኣገዳሲ እዋናዊ መልእኽቲን ሓበሬታን፡ ንኹሎም ኣባላትን በጻሕቲን ደብረሰላም መድሓኔዓለም፣
(ጊዝያዊ ውሽጣዊ መምርሒ)

ዝኸብርኩምን ዝኸበርክንን ምእመናንን ምእመናትን፣

ሰበኻ ጉባኤ ቤተ ክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም፡ ነዚ ዘሎ ምዕባሌታት ገምጊሙ፡ እዚ ዝስዕብ ሓፈሻዊ ኣገዳሲ መልእኽቲን ሓበሬታን ብምውጻእ፡ ብግቡእ ክሥረሓሉን ኣብ ግብሪ ክውዕል ከም ዘለዎን ኣጥቢቑ የፍልጥ፣

## መተሓሳሰቢ፥

እዚ ውሽጣዊ ጊዝያዊ መምርሒ'ዚ ምስ ምዕባለታት ዝቕየር ኰይኑ፡ ካብ ዕለት 1 ሓምለ 2020 ዓ.ም. ፈ. ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል፣

1- ኣቐዲሙ ብምሕባር ምስ ተፈቐደሉ ዝተመዝገበ ሰብ ጥራይ ኢዩ ዝኣቱ እምበር፡ ዘይተመዝገበ ሰብ ኣብ ቤተክርስትያን ክኣቱ ኣይፍቀድን ኢዩ፣

2- ጉዳዮም ክፍጸመሎም ዝደልዩ ናይ ዝምርዓዉን ዝጥመቑን ሰባት፡ ሓላፍነት ዝስከም ኣበነብሲ ኢዩ፣

3- ነፍሲ-ወከፍ ኣበነብሲ ኣስማት ናይ ዝጥመቑ ደቁ፡ ሰሙን ቅድሚ ቅዳሴ ንኣቦመንበር ቤተክርስትያን የፍልጥ (የመሓላልፍ)፣

4- ኣብ ደብረሰላም መድሓኔዓለም ምዱባት ዘይኰኑ ካህናት፡ ንዝጥመቑ ደቆም ብዝምልከት፡ ሰሙን ቅድሚ ቅዳሴ ባዕላቶም ብቐጥታ ናብ ኣመሓዳሪ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ደዊሎም ይውከሱ፣

5- ዝለዓለ ብዝሒ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዝጥመቕ ስድራቤት ሰለስተ(3) ኢዩ። (ኣቦን ኣደን ሕጻን ምስ ኣባልገ)፣

6- ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ናይ ቅዳሴ መዓልቲ፡ ሓደ ጽምዲ መርዓ ጥራይ ይፍቀድ።

7- ብዝሒ መሰኻኽር ናይ መርዓዊን መርዓትን ሽዱሽተ ኰይኑ፡ ካብ ክልቲኡ ጾታታት ንክልቲኦም ክምስክሩ ይኽእሉ። እዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኰይኑ፡ ክልተ (2) ሰሙን ቅድሚ መርዓ ክፍጸም ይግባእ። እዚ እንተዘይተገይሩ እቲ ብኪዳን ክፍጸም ዝሕተት መርዓ፡ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ደብረሰላም ክካየድ ኣይፍቀድን (ኣይክእልን)፣

8- እቶም ክምርዓዉ ዝደልዩ ኣባላት ቤተክርስትያን ደብረሰላም፡ ወይ ኣባላት ዘይኰኑ መጻምዲ፡ ነቲ ውሽጣዊ መምርሒ ደብረሰላም መድሓኔዓለም ዝእዝዞ ብዝሒ ገንዘብ፡ ንኣበነብሶም ብምውካስ ኣብ'ቲ ምስክርነት ዝረጋገጸሉ መዓልቲ ይኸፍሉ። ሽዑ እንተዘይከፊሎም፡ እቲ ናይ ኪዳን መርዓ ክካየድ ኣይፍቀድን፣

9- መርዓውቲ ሓዊስካ ምስ ዝሰንዩዎም ሰባት ጠቕላላ ብዝሒ ዓሰርተ ክልተ (12) ኢዩ። ንሳቶም ከኣ ኣቦን ኣደን ናይ መርዓዋቲ(4)፣ መርዓውቲ፡ ምስ ኣዕሩኽን መሓዙትን(8) ኢዮም፣

10- በዓል ካሜራ ናብ ናይ መርዓ ይኹን ናይ ጥምቀት ዝኣቱ የለን (ኣይፍቀድን)፣

11- ካብ ዕለት 01-07-2020 (1 ሓምለ 2020) ጀሚሩ ብዝሒ ተሳለምቲ (ተሳተፍቲ) ምእመናንን ምእመናትን ኣብ ቤተክርስትያን፡ ብጠቕላላ ሚእቲ (100) ክኸውን ተፈቒዱ ኣሎ። ንኣገባብ ተሳታፍነት ብዝምልከት ኣብ ላዕሊ ኣብ ቍጽሪ 1 ተመልከት።

እግዚኣብሔር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያንናን ሃገርና ኤርትራን ይዓቅበልናን ይባርኽልናን።

**መ/ሰ/ቀ/ ክብሮም ኪዳነ**



**ኣቦመንበር**

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም***

**Email**: **debreselammedhaniealem@gmail.com**
**Website www.debreselam-medhaniealem.com**
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam Nederland**